

# ክንክን ጥዕና ኣብ ኲንስላንድ

ናብ ኲንስላንድ ብመደብ ሰብኣውነት ንዝመጹ ሰባት ዝወሃብ መምርሒ

Tigrinya (ትግርኛ)

Queensland Government

2025

እዚ መገልገሊ ’ዚ **ብማተር ስደተኛታት ጥዕና** ዝተዳለወ ኮይኑ ካብ ዝተፈላለዩ ባህልታት ንዝመጹ ማሕበረሰባትን ናይ ሕክምና ሰብ ሞያታት ብመንገዲ **መርበብ ጥዕና ስደተኛታት ኲንስላንድ፡** ምስ ኲንስላንድ ጥዕና ብምምኽኻር ዝተገብረ ገምጋም እዩ። ሓፈሻዊ ናይ ጥዕና ሓበሬታ ጥራይ ዝሓዘ እዩ። ንተወሳኺ መምርሒ ወይ ፍሉይ ምኽሪ በጃኹም ምስ በዓል ሞያ ጥዕናኹም ተራኸቡ።

እዚ ስራሕ’ዚ ካብ **መንግስቲ ኣውስትራልያ** ብመንገዲ **ብሪስበን ሳውዝ ፒኤችኤን/PHN** ብዝተዋህበ ብገንዘብ ዝድገፍ’ዩ። መንግስቲ ኣውስትራልያ ነዚ ጽሑፍ ዝኸውን ናይ ገንዘብ ሓገዝ ገይሩ ኣሎ። ኾይኑ ግና ናይዚ ጽሑፍ ትሕዝቶ ኣይገምግሞን፥ ስለዝኾነ ንዝበጽሕ ዝኾነ መጉዳእቲ፥ ክሳራ ወይ ዕንወት፥ ብሰንኪ ኣጠቓቕማ ይኹን ኣብዚ ንዝቐረበ ሓበሬታ ኣብ ምትሕልላፍ ሓዊሱ ንዝበጽሕ ጉድኣት ሓላፍነት ኣይወስድን።

ንዝኾነ ተወሳኺ ሕቶታት፡ በጃኹም ንጉጅለ ምሕዝነት ጨንፈር ስትራተጂካዊ ርክባት ክፍሊ ጥዕና ብኢሜል engagement@health.qld.gov.au ጌርኹም ርኸቡና

SC2500222 03/25

# ትሕዝቶ


- ኣስተርጎምቲ
- ሆስፒታላት
- ናይ ጥዕና ካርድታት
- ክንክን ወሊድ
- ሓካይምን ሕክምናዊ ክንክን
- ፈውስታት
- ህጹጽ ክንክን
- ናይ ኣእምሮ ጥዕና ድሕንነት
- ሃንደበት
- ናይ ጥዕና መርመራታት
- ፍሉይ ክኢላ ሞያተኛታት
- ሕማም መከላኸሊ ክታበታት


ኣብ ገጽ 18 ተሰሚሩሎም ዘለዉ ቃላት ኣብቲ **መዝገበ-ቓላት** (ዝርዝር ትርጉማት) ምርኣይ ኣይትረስዑ።

# ኣስተርጐምቲ

ነዚ ምልክት ምስ ረኣኻዮ፡ ዘይኽፍሊት ብናጻ ኣገልግሎት ኣስተርጓሚ ይወሃበካ።

## ከመይ ጌረ ኣስተርጓሚ ክረክብ ይኽእል?

ከም ኣምቡላንስ፣ ሆስፒታላት፣ ሓካይምን ፋርማሲስትን ዝኣመሰሉ ክንክን ጥዕና ንምርካብ ኣብ መዓልቲ 24 ሰዓታት፣ ኣብ ሰሙን 7 መዓልታት ብናጻ ናይ ምስትርጓም ግልጋሎት ይወሃብ ኢዩ።

ንዓኻ ብናጻ እዩ።

ኣስተርጓሚ እንተድኣ ኣድልዩካ፡ ነቲ ሰራሕተኛ ጥዕና ሓደ ንኸዳልወልካ ሕተቶ። እቲ እትዛረቦ ቋንቋ ምሕታት ኣይትረስዕ (ንኣብነት 'ትግርኛ')። ብተወሳኺ ናብ ኣገልግሎት ምትርጓምን ምስትርጓምን (TIS) ብቐጥታ ብ **13 14 50** ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም ሸዑ ምስቲ እትደልይዎ ኣገልግሎት ከራኽቡኹም እዮም።



# ናይ ጥዕና ካርድታት

## ናይ Medicare card/ ሜዲኬር ካርድ እንታይ ይገብር?

ሜዲኬር ካርድ ወሃብቲ ኣገልግሎታት ጥዕና መን ምዃንካ ንኽርድኡን ኣብ ወጻኢታት ሕክምናዊ ቆጸራታትካ ክሕግዝን ይኽእል ኢዩ።

ኣብ ኣውስትራልያ ምስ በጻሕካ፡ ናይ ሜዲኬር ካርድ ናብ ኣድራሻኻ ይለኣኸልካ እዩ።

ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ምምልካት ንሜዲኬር ምስ ኣገልግሎታት ተራኸቡ ናይ ኣውስትራልያ ሜዲኬር ፕሮግራም ብ **132 011** ደውሉ።




ናይ ሜዲኬር ካርድ

## Health Care card /ካርድ ክንክን ጥዕና እንታይ ይገብር?

Health Care card /ካርድ ክንክን ጥዕና ዝተሓተ ኣታዊ ንዘለዎም ሰባት ዝወሃብ ናይ ሓገዝ ካርድ ኢዩ። ዝተፈላለዩ ኣገልግሎታት ጥዕና ክትረክብን ካብ ሓኻይም ዝእዘዘልካ ፈውሲ ንኽትረክብ ይሕግዝ። ፈውሲታት ብዝሓሰረ ዋጋ ትዕድግ። መብዛሕትኡ ግዜ፡ እዚ ካርድ ነዞም ዝስዕቡ ኣይሕግዝን ንወጻኢታት ቪታሚናትን ወሰኻትን። ኣብ ሴንተርሊንክ ተዘራረቡ ዝግበኣካ እንተኾንካ።




ካርድ ክንክን ጥዕና

## Pensioner Concession card /ናይ ጡረተኛ ናይ ሓገዝ ካርድ እንታይ ይገብር?

ናይ ጡረተኛ ናይ ሓገዝ ካርድ ንልዕሊ 60 ዓመት ዝዕድሚኦምን ዝሓሰረ ናይ ጥዕና ክንክን ክትረክብ፣ ብሓኪም ዝተኣዘዙ ፈውሲታትን ብሕሱር ንምርካብ ክሕግዘካ ቅናስ ዋጋታት። ዝፍቐደልካ እንተኾይኑ ኣብ ሴንተርሊንክ/Centrelink ኣረጋግጹ።




ናይ ጡረተኛ ናይ ሓገዝ ካርድ

ውሱናት ዝተኣዘዙ ፈውሲታት ዋላ እዞም ካርድታት እንዳሃለዉኹም ምሉእ ዋጋ ክትከፍሉ ትኽእሉ ኢኹም። ነዘን ካርድታት ናብ ኩሉ ናይ ጥዕና ቆጸራታትኩምን ቤት መድሓኒታት/ፋርማሲታት ሒዝኩም ክትከዱ ኣለኩም።

ካብዘን ካርድታት ሓንቲ እንተዘይብልኩም ምሉእ ዋጋ ናይቲ ፈውሲ ኣብቲ ፋርማሲ ከምኡ'ውን ኣብ ገለ ኣገልግሎታት ጥዕናታት ትኸፍሉ። ኩሉ ግዜ ርግጸኛ እንተዘይኮንኩም ሕተቱ።

ኣብ ኣውስትራልያ ዑቕባ ዝሓተቱ ሰባት ዋላ ንሜዲኬር ካርድ ብቑዓት ዘይኮኑ ኣብ ኩንስላንድ ዝርከባ ህዝባዊ ሆስፒታላት ብናጻ ክሕከሙ ይኽእሉ ኢዮም።

ENGLISH




Factsheet about healthcare for people seeking asylum

# ሓካይምን ሕክምናዊ ክንክን

ምስ ሓፈሻዊ ሓኪም፣ ፋርማሲስት፣ ኣምቡላንስ ክትዛረብ ከለኻ ወይ ድማ ናብ 13 HEALTH ክትድውል ከለኻ ኣስተርጓሚ ምሕታት ብናጻ እዩ።

## እንተ ሓሚመ ብኸመይ ሓገዝ ክረክብ እኽእል፧

ናብ ሓፈሻዊ ሓኪም/GP ርአ

ምኽሪ ንምርካብ ናብ ፋርማሲ ኪድ

ኣብ ህጹጽ እዋን ብሰለስተ ዜሮ '**000**' ጠዊቕካ ደውል።




## GP/ሓፈሻዊ ሓኪም መን እዩ?

ሓፈሻዊ ሓኪምመብዛሕትኡ ግዜ 'GP' ወይ 'ናይ ስድራቤት ሓኪም' ተባሂሎ ዝጽዋዕ ኮይኑ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ድማ ናይ መጀመርታ ጸገም ጥዕና ንዘለዎ ሰብ ዝሕክም ኢዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ናብ ሓፈሻዊ ሓኪም ክትከይድ ቆጸራ ክትሕዝ ከድልየካ እዩ።

ኣስተርጓሚ እንተድኣ ደሊኻ፡ ቆጸራ ምስ ሓዝካ ነቲ ተቐባሊ ኣጋይሽ ንገሮ።

## ሓፈሻዊ ሓኪም/ GP እንታይ ክገብር ይኽእል?

- ብዛዕባ ጥዕናኻ ምኽሪ ይህበካ፣ ሕማማትካን መጉዳእትኻን ምሕካምን ቀጻሊ ሕክምናዊ ክንክን ይህበካ።
- ናብ ካልኦት ሰብ ሞያ ከም ውሕደት ሓለዋ ጥዕና ወይፍሉይ ሞያተኛ/ allied health or specialists፤ ኣድላዪ እንተኾይኑ የማሓልፈካ። እዚ ድማ 'ምትሕልላፍ/መወከሲ' ይበሃል።
- ከም ሕክምናዊ ምስክር ወረቐት ዝኣመሰሉ ሕጋዊ ሰነዳትይህበካ
- ዘይጥዕይ ሕማማት ምክልኻል ጥዕናዊ መርመራን (ከም መርመራ መንሸሮን ጸቕጢ ደምን) ይሕግዘካ
- ኣብ እዋን ጥንሲ ክንክን ይውሃበኽን።

## ንሓደ ሓፈሻዊ ሓኪም/GP ክንደይ ይኽፈል?

ናይ ሜዲኬር ካርድ እንተሃልዩካ ወይ ቁጽሪ ሜዲኬርካ እንተፈሊጥካ እዚ ኣብ ገለ ወይ ኩሉ ወጻኢታት ናብ ሓፈሻዊ ሓኪም ንምርኣይ ክሕግዝ ይኽእል።

ሓፈሻዊ ሓኪምካ 'ብጅምላ ሕሳብ ክፍሊት' ይሰርሕ እንተኾይኑ ሕተቶ። እንተዘይገይሮም፡ ዋላ ናይ ሜዲኬር ካርድ እንተሃለወካ ናብ ሓፈሻዊ ሓኪም ንምኻድ 'ናይ ክፍተት ክፍሊት' ክትከፍል ከድልየካ እዩ።

ናብ ቆጸራኹም ክትከዱ እንተዘይክኢልኩም በጃኹም ምስቲ ሞያተኛ ተራኸቡ፣ ምኽንያቱ እንተዘይተረኺብኩም ክፍሊት ክኽፈልኩም ስለዝኽእል።

ብናይ ቴሌጥዕና/telehealth ቆጸራ ክህልወካ ይኽእል እዩ እዚ ማለት ድማ ኣብ ክንዲ ገጽ ንገጽ ቆጸራ ምስ ሓኪም ብተሌፎን ክትዛረብ ትኽእል ኢኻ። ነዚ ኣገልግሎት ክትረኽቦ ትኽእል እንተኾንካ ንሓኪምካ ሕተቶ።.

# ህጹጽ ክንክን

ክሊኒካት ህጹጽ ክንክን ሜዲኬር ንነዊሕ ሰዓታት፡ ኣብ ሰሙን 7 መዓልታት፡ ንሕክምናን ክንክንን ቀለልቲ ሕማማትን መጉዳእትን ክፉታት እየን። ብብቑዓት ሓካይምን ነርስታትን ብእግሪ ዝኣትዉ፣ ብጅምላ ዝኸፈል ህጹጽ ክንክን ዝገብሩ እዮም።

ህጹጽ ግን ከኣ ንህይወት ኣብ ሓደጋ ዘየእቱ ሕማማትን መጉዳእትን ክሕክሙ ይኽእሉን ንስሩዕ ቆጸራ ሓፈሻዊ ሓኪም ክጽበዩ ዘይክእሉ ግን ከኣ ናብ ህጹጽ እዋን መገሻ ዘየድልዮም ኩነታት እዮም፡ ከም ንኣሽቱ ረኽስታት፡ ምጭብባጥ፡ ረኽሲ ሻምብቆ ሽንቲ፡ ከምኡ'ውን ንኣሽቱ ቃጸሎ።

ሜዲኬር ህጹጽ ክንክን ክሊኒካት ሜዲኬር ዘይብሎም ሰባት ብነጻ እውን ክርእያ ይኽእላ እየን ግን ቅድሚ ምኻድካ ብዛዕባ ወጻኢታት ርአ።






# ህጹጽ

**ኣምቡላንስ ክትድውል ከለኻ ወይ ናብ ክፍሊ ህጹጽ ረድኤት ክትከይድ ከለኻ ኣስተርጓሚ ምሕታት ብናጻ እዩ።**

**ብኸቢድ እንተ ሓሚመ ወይ እንተ ተጐዲአ እንታይ ክገብር ኣለኒ?**

ኣብ ኣውስትራልያ ብ**ሰለስተ ዜሮ ‘000’** ንኣገልግሎት ፖሊስ፡ መጥፋእቲ ሓዊን ኣምቡላንስን ንምድዋል ዝሕግዝ ናይ ህጹጽ ቁጽሪ እዩ።

ካብዞም ምልክታት ዝኾነ እንተሃልዩካ ኣምቡላንስ ክትድውል ኣለካ፤

- ከቢድ ቃንዛ ኣፍልቢ
- ሃንደበታዊ ድኻም ወይምድንዛዝ ገጺ፡ ኣብ ቅልጽም ወይ እግሪ
- ክትቆጻጸር ዘይትክእል ምፍሳስ ደም
- ጸገም ምስትንፋስ
- ሃንደበታዊ ሰተት ምባል ወይ ምውዳቕ
- ከቢድ ቃጸሎ።

ኮይኑ ግን እቲ ኣገልግሎት ኣምቡላንስ ንቐሊል መጉዳእቲ ወይ ሕማማት ዝምልከት ኣይኮነን። ሕክምናዊ ኩነታትካ ወይ መጉዳእትኻ ህጹጽ ምዃኑ ርግጸኛ እንተዘይኮንካ፡ ናብ 13 HEALTH ብስልኪ **13 43 25 84 ደውል።**

ኣብ ኲንስላንድ ትነብሩ እንተኾይንኩም ኣምቡላንስ ናጻ ኣገልግሎት እዩ።

ናብቲ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ክፍሊ ህጹጽ ረድኤት ሆስፒታል (ED) እውን ክትከይድ ትኽእል ኢኻ። እዚ ናጻ ኣገልግሎት እዩ። **ክፍሊ ህጹጽ ረድኤት ሆስፒታል (ED) ኣብ መዓልቲ 24 ሰዓታት፡ ኣብ ሰሙን 7 መዓልታት ክፉታት እዮም።**




**ENGLISH**

Calling an ambulance

**TIGRINYA**

ናብ ኣምቡላንስ ምድዋል



# ፍሉይ ክኢላ ሞያተኛታት

**ኣንቡላንስ ዘይኽፍሊት ብናጻ እዩ ዝሕተት። ናብ ፍሉይ ሓኪም ክትይድ ከለኻ ኣስተርጓሚ ፍሉይ ሓኪም/ ስፔሻሊስት። ኣስተርጓሚ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ኣስተርጓሚ ኣብቲ እዋን ንስኻ ቆጸራኹም ንምሓዝ።**

## ከመይ ጌረ ናብ ፍሉይ ሓኪም ክኸይድ ዝኽእል?

1. ሓፈሻዊ ሓኪምካ ናይ መጀመርታ መርመራታት ክገብርን ናብ ፍሉይ ሓኪም ክትከይድ እንተድኣ ኣድልዩካ ወስን።
2. እቲ ሓፈሻዊ ሓኪም ብደብዳቤ (መወከሲ/ መተሓላለፊ) ናብ ፍሉይ ሓኪም ንምልኣኽ ክጽሕፍ እዩ።
3. ኣየናይ ምኻኑ ዝያዳ ሓበሬታ ንሓኪምካ ሕተቶ ፍሉይ ሓኪም ክትመሓላለፍ ከምትመርጽ ትኽእል ከምኡ'ውን ንምልኣኽ ሪፈራልካ ብኸመይ ከም ዝረኣየልካ።

ነቲ ፍሉይ ሓኪም ክትሪኦ እናተጸበኻ ከለኻ ኩነታትካ ዝቐየር ዘሎ እንተኾይኑ ንሓኪም ሓፈሻዊ/GP ምሕባር ኣገዳሲ እዩ። ምእንቲ ዚያዳ ክከናኸኑኻን ኣድላዪ እንተኾይኑ ነቲ ፍሉይ ሓኪም እቲ ዘሎ ለውጢ ኣረድእዎ።

ኣብ ፍሉይ ሓኪም ብናጻ ክትምርመሩ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ መግስታዊ ማእኸላት ነዊሕ ትጽቢት ክህሉ ይኽእል እዩ። እቲ ክትጽበዮ ዝግበአካ ግዜ ክነውሕ ይኽእል፤ እዚውን ህጹጽነት ናይቲ ሕክምናኻ ድማ ዝምርኮዝ ኩነታት ይኸውን። ብዛዕባ ወጻኢታትን ሕተት። ብነጽ ዝህብዎ ነገር እንተሃሊዩ።



# ሆስፒታላት

**ኣብ ሆስፒታል ከለኻ ኣስተርጓሚ ብናጻ ክግበረልካ እዩ።**

## ኣብ ሆስፒታል ክጸንሕ እንተሃልዩኒከ?

ብኸቢድ ሓሚምካ ወይ እንተተጎዲእካ፡ ወይ መጥባሕቲ እንተድኣ ኣድልዩካ ኣብ ሆስፒታል ክትጸንሕ ትኽእል ኢኻ።

ኣብ ሆስፒታል ክትጸንሕ ከለኻ፡ ሰራሕተኛታት ሆስፒታል ክድግፉኻን ክከናኸኑኻን እዮም፡ ከምኡ'ውን ዘድልየካ ነገር ኩሉ ከምዘለካ ከረጋግጹልካ እዮም።

### ውላደይ ኣብ ሆስፒታል ሓደ ለይቲ ክጸንሕ እንተድኣ ኣድልይዎ እንታይ ይግበር?

ሓደ ዓቢ ሰብ ጥራይ እዩ ምስ ቆልዓ ክሓድር ዝኽእል። ካልኦት ኣባላት ስድራቤትክኹብንዩ ይኽእሉ ኢዮም። ብዛዕባ ናይ ሆስፒታል ምጉብናይ ሰዓታት ምስ ነርስ ኣጻርይ።

ውላድካ ኣብ ሆስፒታል ከሎ ብዛዕባ ኩነታት ውላድኻ ትጭነቕ እንተኾንካ፡ ነቶም ሰራሕተኛታት ሆስፒታል ምሕባር ኣገዳሲ እዩ፡ ስለምንታይ ንውላድካ ኣጸቢቕካ ትፈልጦ ንስኻ ኢኻ።

### ኣብ ሆስፒታላት ዘለኩም መሰል ፍለጡ

እቲ ዝከናኸነካ ሰራሕተኛ ጥዕና ከመይ ከምዝስምዓካ ዘይክፈልጥ ይኽእል እዩ። ስለዚ ድማ እዩ ንዓኻ ምሕባርካ ኣገዳሲ ዝኾነካ ምእንቲ ንሳቶም ዘድልየካ ዝበለጸ ክንክን ንክህቡኻ። ንስኻ ወይ ኣባል ስድራቤትካ ከምቲ ትጽቢትካ ምምሕያሽ ዘይብሉ ኮይኑ እንተተሰሚዑካ፡ ዝያዳ ሓገዝ ንምርካብ ናይ ራያን ሕጊ/ Ryan's Rule ተጠቒምካ ኣልኣይ ክረኣየልካ ክትገብር ትኽእል ኢኻ።

ብዛዕባ ሕጊ ራያን ዝያዳ ንምፍላጥ ነቲ QR ኮድ ጽሰዉ/ስካን ግበሩ።




ENGLISH

About Ryan's Rule



# ክንክን ወሊድ

**ኣብ ክንክን ወሊድ ከለኺ ተርጓሚ ሕተቲ።**

ነፍሰጾር እንተኾይንኪ፡ ሓፈሻዊ ሓኪምኪ/ GP መጀመርታ ክሪኤኪ እዩ።

ኣብ ከብድኻ ዘሎ ህጻንኪ ዝኾነ ሓደጋ እንተሃልዩ ንምርግጋጽ መርመራ ደም ክእዝዙ እዮም። ብተወሳኺ ክንደይ ሰሙን ጥንሲ ከም ዘለኪ ንምርግጋጽ ኣልትራሳውንድ ክትገብሪ ኢኺ። ብድሕሪኡ ሓፈሻዊ ሓኪምኪ/ GP ናብቲ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ሆስፒታል ብምልኣኽ ቅድሚ ሕርሲ (ጥንሲ) ክንክንን ሕርሲ ውሳድኪን ናብ መሕረሲት ክረኽበኪ እዩ።

ኣብ እዋን ጥንስኺ ብዙሕ መርመራታት ክግበረልኪ እዩ። ገለ ካብዞም ፈተናታት ገንዘብ ከኽፍሉ ይኽእሉ እዮም። ብዛዕባ እቲ ወጻኢታት ንሓፈሻዊ ሓኪምኪ/ GP ወይ መሕረሲትኪ ምሕታት።

ዝተሓላለኸ ጥንሲ እንተሃልዩኪ፡ ንዝሓሸ ኣተኣላልያ ናብ ናይ ማህጸን ሓኪም ክትመሓለለፊ ትኽእሊ ኢኺ። እቲ ሆስፒታል እንተድኣ ኣድላይ ኾይኑ ንተወሳኺ ክንክን ናብ ብዙሓት ዝተፈላለዩ ኣገልግሎታት ከሕልፈኪ ይኽእል ኢዩ።

ናብ ሕርሲ ምስቀረብኪ እታ መሕረሲት ምሳኺ ብዛዕባ ክንክንኪ ክትዛተ እያ ብዛዕባ ናይ ሕርስን ናይ ምውሳድ ኣማራጺታት ሓዊሱ። እተን መሕረስቲን ሓካይምን ኣብ እዋን ሕርሲኺን ክሳብ 6 ሰሙን ድሕሪ ሕርሲን ክከናኸናኺ እየን።

ብዛዕባ ምንቅስቓስ ውላድኪ ትጭነቒ እንተኾንኪ፡ ቃንዛ፡ ወይ ፈሳሲ ወይ ናይ ደም ምፍሳስ እንተሃልዩኪ፡ በጃኺ ብሰለስተ ዜሮ (000) ደውሊ ወይ ናብቲ ዝቐረበኪ ሆስፒታል ኪዲ።

ርግጸኛታት እንተዘይኮይኪ፡ ካብ ምዝጉብ ነርስ ምኽሪ ንምርካብ ናብ 13 HEALTH ብ **13 43 25 84** ደውሊ ፡ **24 ሰዓታት ኣብ መዓልቲ፡ 7 መዓልታት ኣብ ሰሙን**



# ፈውስታት

ኣንቡላንስ ዘይኽፍሊት ብናጻ እዩ ዝሕተት። ተርጓሚ ኣብ ፋርማሲ።



## ክመይ ጌረ ፈውሲ ክረክብ

ፋርማሲስት ኣብ 'ፋርማሲ' ወይ 'ኬሚስት' ይሰርሑ። ፋርማሲስትስ ክገብርዎ ዝኽእሉ፤

- ብዛዕባ ቀለልቲ ሕማማት ወይ መጉዳእቲ ምኽሪ ምሃብ
- ሓፈሻዊ ሓኪምካ መእዘዚ ፈውሲ ክህበካ ከሎ (ሓድሓደ ግዜ ' ስክሪፕት/መእዘዚ ወረቐቲ ' ተባሂሉ ይጽዋዕ) ፈውሲታት ይዳለወልኪ
- ብናይ ሓፈሻዊ ሓኪም መእዘዚ ፈውሲ ወረቐቲ ዘየድልዮም ፈውሲታት ምሻጥ
- ናይ ኢንፍሉዌንዛ ሓዊሱ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ክታበት ይህበካ፡

ንፋርማሲስትካ ፍሉይ ሽም ዘይብሎም ፈውሲታት ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ከምቲ ናይ ምልክት ስም ዘለዎም ፈውሲታት ተመሳሳሊ ቀመም ዘለዎም ኮይኖም፡ መብዛሕትኡ ግዜ ግን ዝሓሰሩ እዮም። ኣብ ኣውስትራልያ፡ ፋርማሲስትታት ፍሉይ ሽም ዘይብሎም / ጀነሪክ ፈውሲታት ክሸጡ ዝኽእሉ፡ ከምቲ ብብራንድ-ስም ዝፍለጥ ፈውሲታት እንድሕር ዝሰርሕ ጥራይ እዩ፡ ስለዚ ንኽትጥቀመሉ ውሑስ ምዃኑ ትፈልጥ።

ዋላ ሓደ ዓይነት ሕማም እንተሃለወካ ብሓኪም ዝተኣዘዙ ፈውሲታት ምስ ካሊእ ሰብ ኣይትካፈል።

ENGLISH

Pharmaceutical Benefits Scheme (PBS) Safety Net

TIGRINYA

መደብ ጥቕሚ ፋርማሲ (PBS) ድሕነት መርበብ

SCAN

# ናይ ኣእምሮ ጥዕና ድሕንነት

## ኣብ ሃንደበታዊ ኩነታት

ንስኻ ወይ ትፈልጦ ካሊእ ሰብ ኣብ ናይ ህይወት ሓደጋ ዘእቱ ኩነታት እንተሃሊዩ

ኣብ መዓልቲ 24 ሰዓታት: ኣብ ሰሙን 7 መዓልታት

**ኣምቡላንስ**

000

## ህጹጽ ደገፍ

ጽቡቕ እንድሕር ዘይስምዓካን ምስ ሓደ ሰብ ሸዑ ንሸዑ ክትዛረብ እንተደሊኻን።

ኣብ መዓልቲ 24 ሰዓታት: ኣብ ሰሙን 7 መዓልታት

**Lifeline**

13 11 44

**1300 MH ጸውዒት።**

1300 642 255

**ኣገልግሎት ምምላስ ጸውዒት ናይ ነብሰ ቅትለት ሓገዝ መስመር**

1300 659 467

## ምስ ሓፈሻዊ ሓኪምካ ተዘራረብ

ምስ ሓፈሻዊ ሓኪምካ ቆጸራ ሒዝካ ብዛዕባ ኩነታት ኣእምሮ ጥዕናኻን ናይ ሕክምና ኣማራጺታትካ ተዘራረብ። ምኽሪ ክህቡኻ ኢዮም፤ ኣድላዪ እንተኾይኑውን ብዛዕባ ናይ ኣእምሮ ሕክምና ትልምታትካ ናብ ካልእ ኣገልግሎታት ከመሓላልፉኻን ይኽእሉ ኢዮም።

## ናይ ምኽሪ መስመራት ቴሌፎን።
**እዚ ኩሉ ኣገልግሎታት ዘይኽፍሊ ናጻን ምስጢሩ ዝሓለወ ኢዩ።**

### ናብ ጥዕና ኣቕንዕ

ምስ በዓል ሞያ ጥዕና ኣእምሮ ብተሌፎን ተዘራረብ።

ሰኑይ - ዓርቢ ካብ ሰዓት 8:30am–5:00pm

1800 595 212

### Queensland Transcultural / ስግረ ባህላዊ ኲንስላንድ ማእከል ጥዕና ኣእምሮ

ምስ ሓኪም ጥዕና ኣእምሮ ኣዛርብ እሞ ምኽርን ደገፍን ይውሃብ።

ሰኑይ - ዓርቢ ካብ ሰዓት 8:30am–4:30pm

(07) 3317 1234

### QPASTT

ኣብ ጾልዋ ስቅያትን ስንባደን ዘብጽሖ ጾልዋ ዝነጥፍ ፍሉይ ኣማኻሪ ሓኪም ተረኣይ።

ሰኑይ - ዓርቢ ካብ ሰዓት 9:00am–5:00pm

(07) 3391 6677

### PANDA ሃገራዊ መስመር ሓገዝ

ንወለድን ስድራቤታትን ዝግበር ደገፍ ኣብ እዋን ጥንሲን ቀዳማይ 12 ወርሒ ሓድሽ ቆልዓ።

ሰኑይ - ቀዳም ካብ ሰዓት 9am ንግሆ–5pm ድሕሪ ቀትሪ

1800 595 212

### Kids Helpline / መስመር ሓገዝ ህጻናት

ካብ 5–25 ዓመት ዝዕድሚኦም መንእሰያት ብተሌፎንን ብኢንተርነትን ዝግበር ምኽሪ።

24 ሰዓታት ኣብ መዓልቲ: 7 መዓልታት ኣብ ሰሙን

1800 551 800

### ናብ ብዙሃ-ባህልታት ዘታኣሳስር መስመር

እንተተጨኒቕካ ወይ ጸቅጢ እንተበዚሑካ ምስ ሓደ ሰብ ተዘራረብ።

ሰኑይ - ዓርቢ ካብ ሰዓት 9:00am–4:30pm

1300 079 020

### Beyond Blue / ልዕሊ ሰማይ

ምስ ኣማኻሪ ብኢንተርነት ተዛተ።

www.beyondblue.org.au ዝብል ጽሑፍ ኣሎ።

### DVConnect / ዲቪኮኔክት

ንሰባት ብተሌፎን ዝግበር ደገፍ ስድራቤታዊ ወይ ኣብ ገዛ ዘጋጥሞም ዓመጽ።

**DV Womensline ንደቂኣንስትዮ መስመር** - 1800 811 811

**DV Mensline ንኣወዳት መስመር** - 1800 600 636

**ክትድውል ከለኻ ኣስተርጓሚ ምሕታት ናጻ እዩ።**

# ናይ ጥዕና መርመራታት

## ስሩዕ መርመራ ጥዕና

ስሩዕ መርመራ ጥዕና ወይ 'ዳህሳስ ጥዕና/ስክሪንስ' ቅድም ኢልካ ምልክታት ናይ ጥዕና ጸገማት ከመልክት ይኽእል ኢዩ። ጸገማት ቅድም ኢልካ ምርካብ ማለት ቀልጢፍካ ሕክምና ክትረክብ ትኽእል ማለት እዩ። ብዙሓት ረቛሒታት፡ ከም ዕድመኻ፡ ጥዕናኻ፡ ታሪኽ ስድራቤትካን ምርጫታት ኣነባብራን፡ ክንደይ ግዜ መርመራ ከም ዘድልየካ ጽልዋ ኣለዎም።

ኣብ ዝተፈላለየ ዕድመ ዝተፈላለየ ናይ ጥዕና መርመራታት ኣሎ። ብዛዕባ ዝምከሩ ናይ ጥዕና መርመራታት ወይ ናይ መጻረይ መርመራ መደባት ምስ ሓፈሻዊ ሓኪምካ ክትዘረብ ኣለካ።

ብመንገዲ እቲ ሰብኣዊ መደብ ሓደሽቲ ዝመጹ ሰባት ኣብ ሓፈሻዊ ሓኪም ብናጻ **ናይ ስደተኛታት ጥዕና መርመራ** ክረኽቡ ይኽእሉ።

ብዛዕባ መርመራ ጥዕና ስደተኛታት ዝያዳ ንምንባብ፡ ስለምንታይ ክትገብር ከም ዘለካን እንታይ ክትጽበ ከም ዘለካን ሓዊስካ፡ ኣብ ታሕቲ ዘሎ QR ኮድ ጽሎ/ስካን ግበር።

መርመራ ጥዕና ስደተኛታት ካብ 2-3 ቆጸራታት ስለ ዝወስድ ኣብ መወዳእታ ቆጸራኹም፡ ካልእ ክትምርመርዎ ዘድልየኩም ነገር እንተሃልዩኩም ተወሳኺ ቆጸራ ምሕታት ኣይትረስዑ።

## ናይ ምስማዕ/እዝኒ መርመራ

ብዛዕባ እዝንኻ ትጭነቕ እንተኾንካ፡ ናብ 'ሓኪም ስነ-ምስማዕ' ብምኻድ መስምዒኻ ክትምርምር ትኽእል ኢኻ።

ኩሉ ቆጸራታት ኦድዮሎጂ ብናጻ ኣይኮነን። ቅድሚ ቆጸራኻ ምስ ሓፈሻዊ ሓኪምካ ተዘራረብ።

ፕሮግራም ጥዕናዊ እዝኒ መስምዒ ኲንስላንድ ንኹሎም ኣብ ሆስፒታላት ኲንስላንድ (ህዝባውን ውልቃውን) ዝተወልዱ ህጻናት ብናጻ ናይ እዝኒ መርመራታት ይህብ። እቲ መደብ ንትሕቲ 16 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት እውን ተወሳኺ ኣገልግሎት ይህብ።

### ሕማም ንምክልኻል ክግበሩ ዝግቦኦም ናይ ጥዕና መርመራታት

- ስሩዕ መርመራ ጥዕና
- ናይ ምስማዕ/እዝኒ መርመራ
- ጥዕና ኣፍ (ኣስናን) ፍተሻ ምግባር
- ናይ ዓይኒ መርመራ
- መርመራ መንሸሮ

| ENGLISH | TIGRINYA |
| --- | --- |
| Refugee Health Assessment | ገምጋም ጥዕና ስደተኛታት |



## መርመራ ጥዕና ኣፍ (ኣስናን)

ብመጀመርታ ብሰብኣዊ መደብ ኣቢልካ ናብ ኣውስትራልያ ምስ ኣተኻ፡ ኣስናንካ ብናጻ ኣብ ህዝባዊ ኣገልግሎት ሕክምና ስኒ ኲንስላንድ ክትምርመርን ብሓኪም ስኒ ክትሕከምን ትኽእል ኢኻ።

ቀጻሊ ምጽራይን ሕክምናን እንተድኣ ኣድልዩካን ናይ ክንክን ጥዕና ካርድ ወይ ናይ ጡረተኛ ናይ ሓገዝ ካርድ እንተሃልዩካን፡ ኣብ ጥቓኻ ዝርከብ ህዝባዊ ማእከል ጥዕና ኣፍ ብ **1300 300 850** ብናጻ ብምድዋል ቆጸራ ክትሕዝ ትኽእል ኢኻ።
ናይ ምጽባይ ግዜ ነዊሕ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ክሳብ 17 ዓመት ንታሕቲ ዝዕድሚኦም ህጻናት ኣብ ህዝባዊ ማእከል ጥዕና ኣፍ ብናጻ መርመራን መሰረታዊ ሕክምናን ክገብሩ ይኽእሉ።

ናይ ጥዕና ክንክን ካርድ እንተዘይብልካ፡ ኣብ ናይ ውልቂ ሓኪም ስኒ ቆጸራ ክትሕዝን ንዝኾነ ኣገልግሎት ክትከፍልን ትግደድ ኢኻ። ዝተፈላለዩ ናይ ስኒ ሕክምናታት ኣብ ናይ ውልቂ ሓኪም ስኒ ጥራይ እዩ ክግበር ዝኽእል።

## ናይ ዓይኒ መርመራ

ስሩዕ መርመራ ዓይኒ ምግባር ኣገዳሲ እዩ ምኽንያቱ ኩሉ ግዜ ጸገም ዓይኒ ክህልወካ ከሎ ብዙሕ ከይፍለጠካ ይኽእል። ናብ 'ሓኪም ዓይኒ' ክትከይድ ኢኻ።

መርመራ ዓይኒ ኣዒንትኻ ጥዑያት እንተኾይነን ወይ ድማ መነጽር ሓዊሱ ካልእ ሕክምናታት ከምዘድልየካ ክሕብረካ እዩ።

ትሕቲ 65 ዓመት ዝዕድሚኦም ሰባት **ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሰለስተ ዓመት** ብናጻ ብሜዲኬር ካርድ ናጻ መርመራ ዓይኒ ክረኽቡ ይኽእሉ። ልዕሊ 65 ዓመት ዝዕድሚኦም ሰባት ሜዲኬር ካርድ ዘለዎም ሰባት **ኣብ ዓመት ብናጻ መርመራ ዓይኒ ክረኽቡ ይኽእሉ።**

ናይ ጥዕና ክንክን ካርድ እንተሃልዩካ ኣብ ነፍሲ ወከፍ 2 ዓመት ነጻ መሰረታዊ መነጽር ክትረክብ ትኽእል ይኸውን። ብዛዕባ መደብ ቀረብ ስፔክታክል/መነጸር ንሓኪም ሓፈሻዊ ዓይኒ ወይ ሓኪም ዓይኒ ሕተቶ።

### ደገፍ ጥዕና ስድራቤት

እቲ ኣገልግሎት ጥዕና ህጻናት፡ መንእሰያትን ስድራቤትን ንህጻናትን ወለዶምን ወይ ኣለይቶምን ንጥዕና፡ ጽቡቕ ሂወትን ምዕባለ ህጻናትን ንምክትታል ዝሕግዝ ዘይኽፍሊት ናጻ ኣገልግሎት ይህብ።

ኣገልግሎት ህጻናትን መንእሰያትን ድለዩ።






Ask for an interpreter at your dentist appointment, it will be free at public oral health services.

ENGLISH

More information about oral services in Queensland

TIGRINYA

ጥዕና ኣስናንካ ንምሕላው

## መርመራ መንሸሮ

ሕማም መንሸሮ ንኽምዕብል ነዊሕ ግዜ ክወስድ ይኽእል እዩ፡ መርመራ ሕማም መንሸሮ ገና ኣብ መጀመርታ ደረጃኡ እንከሎን ብዘይ ዝኾነ ምልክታት ክርከብ ይኽእል ኢዩ።

ብገና ደረጃ እዋን ሕማም መንሸሮ ብምርካብ፡ ሕክምና ንክሰርሕ ዝሓሸ ዕድል ይፈጥር፡ እቲ ሰብ ድማ ንዝነውሐ እዋን ብህይወት ይነብር። ንዝተፈላለዩ ዓይነታት መንሸሮታት ክትምርመር ትኽእል ኢኻ ግን ኣብ ኣውስትራልያ ብቑሊሉ ክትገብሮም ትኽእል ሰለስተ ሃገራዊ መደባት መርመራ መንሸሮ ኣለዉ፤

| | መርመራ/መርመራ ጡብ | | መርመራ/መርመራ መዓንጣ | መርመራ/መርመራ ማህጸን። |
|---|---|---|---|---|
| ዕድመ | 50–74 | 40–49 ወይ 75+ | 45–74 | ካብ 5–74 ዓመት ዝዕድሚኦምን ዝኾነ ዓይነት ጾታዊ ርክብ ዝገበሩን እዮም። |
| ከመይ | ዳህሳስ ጥዕና ጡብ ኲንስላንድ (BSQ) | ምስ ሓፈሻዊ ሓኪም ቆጸራ ምሓዝ | ብናጻ ናይ መዓንጣ መንሸሮ መመርመሪ ጥማር ብፖስታ ውሰድ። እቲ መርመራ ግበር እሞ ብፖስታ ስደዶ። | ምስ ሓፈሻዊ ሓኪም ቆጸራ ምሓዝ |
| ዋጋ | ብሜዲኬር ካርድ ናጻ | GP ናብ ኻልእ ንምልኣኽ ዝነብረካ ሓበሪታ ቆጸራ ከኽፍለካ ይኽእል ኢዩ። | ብሜዲኬር ካርድ ናጻ | ውሱናት ሓፈሻዊ ሓካይም ነዚ ብናጻ ይህቡ ኢዮም። ቆጸራ ክትሕዝ ከለኻ ብዛዕባ ክፍሊት ሕተቶም። |
| ክንደይ ሻዕ | ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክልተ ዓመት | ምስ ሓፈሻዊ ሓኪምካ ተዘራረብ | ምስ ሓፈሻዊ ሓኪምካ ተዘራረብ | ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሓሙሽተ ዓመት |
| ሓበሬታት ብእንግሊዝኛ | | | | |
| ሓበሬታት ብትግርኛ | | | | |




ኣብ ዝኾነ ዕድመ ዘጨንቕ ወይ ምልክታት እንተሃልዩካ፡ ምስ ሓፈሻዊ ሓኪምካ ተዘራረብ።

# ሕማም መከላኸሊ ክታበታት

ኣብ ቆጸራ ክታበትካ ተርጓሚ ምሕታት ናጻ እዩ።

ክታበታት ንዓኻን ንስድራቤትካን ካብ ሕማማት ንምክልኻል ኣገዳሲ እዩ።

ሓደ ሓደ ግዜ ክታበት የድሊ፤

- ኣብ ቤት ትምህርትን ክንክን ህጻናትን ንምምዝጋብ
- ንመገሻ
- ንገለ ስራሓት።

ምኽታብን ዘይምኽታብን ኣብ ሰንተርሊንክ ንዘለካ ክፍሊታት ክጸልዎ ይኽእል እዩ።

## ንምንታይ ትኽተብ?

ንስኻን ስድራቤትካን እንታይ ዓይነት ክታበት ከም ዘድልዩኹምን ብኸመይን መዓስን ከም እትወስዱን ምስ ሓፈሻዊ ሓኪምካ ተዘራረብ።

ቅድሚ ሎሚ ንስኻን ውላድካን ዝተኸተብክምዎ ክታበት ኣተርጕምካ ንሓኪም ሓፈሻዊ ሓኪምካ ክትህቦ እንተኺኢልካ፡ ምድግጋም ከየድልዮም ይኽእል እዩ። መዛግብትኹም ብናጻ ክተተርጎሙ ትኽእሉ ኢኹም።

ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ መርበብ ሓበሬታ መምርሒ ውሽጣዊ ጉዳያት ተወከሱ።



# መዝገበ ቃላት

| English | Tigrinya |
|---|---|
| **Active ingredient** | **ንጡፍ ንጥረ ቅመም** |
| The main component in the medicine that makes it work. | ኣብቲ ፈውሲ እቲ ቀንዲ ንኽሰርሕ ዝገብሮ ትሕዝቶ ባእታ። |
| **Allied health professional** | **ተወሰኽቲ ሰብ በዓል ሞያ ጥዕና** |
| Trained healthcare professionals who can treat and help you take care of your physical or mental health such as physiotherapists, psychologists, and dietitians. | ንኣካላዊ ወይ ኣእምሮኣዊ ጥዕናኻ ክትከናኸን ክሕግዙኻ ዝኽእሉ ዝሰልጠኑ ተወሰኽቲ ሰብ ሞያ ክንክን ጥዕና ከም ፊዚዮቴራፒስት፣ ስነ-ኣእምሮኣዊ ክኢላታት፣ ከምኡ'ውን ክኢላታት ኣመጋግባ ኢዮም። |
| **Ambulance** | **ኣምቡላንስ** |
| An ambulance is a vehicle with equipment that can provide emergency care to sick or injured people and get them to hospital quickly. Ambulances can also be used to transport patients between hospitals. | ኣምቡላንስ ንዝሓመሙ ወይ ንዝተጎድኡ ሰባት ህጹጽ ክንክን ክህብን ብቕልጡፍ ናብ ሆስፒታል ከብጽሖምን ዝኽእል መሳርሒታት ዘለዋ መኪና እያ። ኣምቡላንሳት ኣብ መንጎ ሆስፒታላት ሕሙማት ንምጉዕዓዝ እውን ክውዕላ ይኽእላ እየን። |
| **Audiologist** | **ናይ እዝኒ ምስማዕ ክኢላ** |
| A person qualified to check your hearing. An audiologist identifies, manages, and assesses hearing problems. | መስምዒኻ/እዝንኻ ንምፍታሽ ክእለት ዘለዎ ሰብ ኢዩ። ሓኪም ስነ-ምስማዕ ንጸገማት ምስማዕ የለልዮ፡ የመሓድርን ይግምግምን። |
| **Bulk billing** | **Bulk billing / ጥቕሉል ክፍሊት** |
| Bulk-billing is a service that health professionals such as doctors, specialists, optometrists, and dentists can choose to offer.<br><br>If your health professional offers bulk billing, the full cost of your appointment is covered by Medicare. | ጥቕሉል ክፍሊት ከም ሓካይም፣ ክኢላታት፣ ሓካይም ዓይንን ሓካይም ስኒን ዝኣመሰሉ ሰብ ሞያ ጥዕና ክህብዎ ዝኽእሉ ናይ ክፍሊት ኣገልግሎት እዩ።<br><br>በዓል ሞያ ጥዕናኻ Bulk billing /ብጥቕሉል ክፍሊት ምኽፋል እንተድኣ ኣቕሪቡ፡ ምሉእ ወጻኢታት ናይቲ ቆጸራኻ ብሜዲኬር ይሸፈን። |

| English | Tigrinya |
| --- | --- |
| **Chemist / pharmacy** | **ኬሚስት / ፋርማሲ** |
| A place where you can buy medicines and other health products, for example vitamins and sunscreens. If you have a prescription for medicine from your GP, a pharmacist will give these to you. You can also buy some medicines without a prescription. They are called ‘over-the-counter medicines’. | ፈውሲታትን ካልኦት ናይ ጥዕና ፍርያትን ንኣብነት ቪታሚናትን መከላኸሊ ጸሓይን ክትገዝኣሉ እትኽእል ቦታ ኢዩ። ካብ ሓፈሻዊ ሓኪምካ ናይ ፈውሲ መእዘዚ ወረቐቲ እንተሃልዩካ፡ ሓኪም ፋርማሲ ነዚኦም ክህበካ እዩ። ገለ ፈውሲታት ብዘይ ትእዛዝ ሓኪም እውን ክትገዝእ ትኽእል ኢኻ። ‘ብዘይ ዶክተር ዝሸየጡ ፈውሲ’ ይበሃሉ። |
| **Emergency department** | **ክፍሊ ህጹጽ ረድኤት።** |
| Emergency departments treat serious or life-threatening illnesses and injuries. They are open 24 hours a day, 7 days a week. | ክፍልታት ህጹጽ ረድኤት ንሽቢድ ወይ ንህይወት ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ሕማማትን መጉዳእትን ይሕክማ። 24 ሰዓታት ኣብ ሰሙን 7 መዓልቲ ክፉታት እዮም። |
| **Gap fee / Medicare gap** | **ምምላእ ክፍሊት / ምምላእ ሜዲኬር** |
| Sometimes you need to pay the whole fee for health services and Medicare will refund some of the cost. The amount you pay is called the ‘Medicare gap’. | ሓደ ሓደ ግዜ ንኣገልግሎት ጥዕና ምሉእ ክፍሊት ክትከፍል ኣለካ ሜዲኬር ድማ ገለ ካብቲ ወጻኢታት ክመልሰልካ እዩ። እቲ እትኸፍሎ መጠን ገንዘብ ‘ሜዲኬር ጋፕ’ ይበሃል። |
| **General practitioner / GP** | **ሓፈሻዊ ሓኪም / GP** |
| A general practitioner also known as ‘GP’ or ‘family doctor’ is usually the first person you go to when you are feeling sick or unwell. They are doctors who have focused their training to look after people of all ages with all different conditions. They work at GP practices or medical centres in the community. | ሓደ ሓፈሻዊ ሓኪም ብ‘GP’ ’ ወይ ‘ሓኪም ስድራቤት’ ዝፍለጥ መብዛሕትኡ ግዜ ሕማም ወይ ጥዕና ኣብ ዝስምዓካ እዋን ቀዳማይ ትኸዶ ሰብ እዩ። ንሳቶም ኣብ ኩሉ ዕድመ ዝርከቡ ኩሉ ዝተፈላለየ ኩነታት ዘለዎም ሰባት ንምእላይ ስልጠናኦም ዘተኮሩ ሓካይም እዮም። ኣብቲ ሕብረተሰብ ኣብ ዝርከቡ ናይ ሓፈሻዊ ሓኪም ወይ ማእከላት ሕክምና ይሰርሑ። |
| **Generic medicine** | **ፍሉይ ምልክት ዘይብሉ ፈውሲ** |
| Generic medicines have the same active ingredient as brand-name medicines and work in the same way. They are often cheaper than brand-name medicines.<br><br>In Australia, pharmacies can only sell generic medicines if they work the same way as the brand-name medicine. | ፍሉይ ምልክት ዘይብሎም ፈውሲታት ከም ናይ ስም ብራንድ ምልክት ፈውሲታት ተመሳሳሊ ንጡፍ ንጥረ ነገር ዘለዎም ኮይኖም ብተመሳሳሊ መንገዲ ይሰርሑ። መብዛሕትኡ ግዜ ካብቶም ብብራንድ ዝተሰርሑ ፈውሲታት ዝሓሰሩ እዮም።<br><br>ኣብ ኣውስትራልያ፡ ፋርማሲታት ፍሉይ ብራንድ ምልክት ዘይብሎም ፈውሲታት ክሸጣ ዝኽእላ፡ ምስቲ ብብራንድ ዝፍለጥ ፈውሲ ብተመሳሳሊ መንገዲ ምስ ዝሰርሕ ጥራይ እዩ። |
| **Mental health treatment plan** | **ውጥን ሕክምና ጥዕና ኣእምሮ** |
| A plan your GP writes with you to help support you to get better. It also can help with the costs to access support from other health professionals like psychologists and counsellors.<br><br>A mental health treatment plan can be useful for people with minor mental health conditions or serious conditions, short-term or long-term illnesses. You don’t already have to be diagnosed with a mental health condition to talk to your doctor about making a mental health treatment plan. | እዚ ሓኪምካ ምሳኻ ኾይኑ ዝጽሕፎ ትልሚ ሕውየት ኢዩ። ብተወሳኺ ካብ ካልኦት ሰብ ሞያ ጥዕና ከም ስነ-ኣእምሮኣውያንን ኣማኸርትን ደገፍ ንምርካብ ዝወጽእ ወጻኢታት ክሕግዝ ይኽእል።<br><br>ትልሚ ሕክምና ኣእምሮ ንኣናእሽቱ ኩነታት ጥዕና ኣእምሮ ወይ ከቢድ ኩነታት ዘለዎም ሰባት፣ ናይ ሓጺር ወይ ነዊሕ ግዜ ሕማማት ንዘለዎም ሰባት ጠቓሚ ክኸውን ይኽእል። ብዛዕባ ትልሚ ሕክምና ኣእምሮ ምስ ሓኪምካ ንምዝርራብ ቅድም ኢሉ ዝተፈልጠ ናይ ኣእምሮ ጥዕና ጸገማት ክህልወካ የብሉን። |

| English | Tigrinya |
|---|---|
| **Optometrist** | **ናይ ዓይኒ ሓኪም** |
| A person qualified to check your eyes for vision (how well you can see), eye disorders, or any other health problems. | ኣዒንትኻ ምርኣይ (ክሳብ ክንደይ ጽቡቕ ጌርካ ክትሪኦ ከም እትኽእል)፡ ጸገማት ዓይኒ፡ ወይ ካልእ ዝኾነ ናይ ጥዕና ጸገማት ንምፍታሽ ብቑዕ ዝኾነ ሰብ ኢዩ። |
| **Prescription / script** | **ትእዛዝ ሓኪም / ወረቐቲ።** |
| The document on which your doctor writes an order for medicine and which you give to a chemist or pharmacist to get the medicine. | እቲ ሓኪምካ ትእዛዝ ፈውሲ ዝጽሕፈሉን ነቲ ፈውሲ ንምርካብ ንኬሚስት ወይ ፋርማሲስት እትህቦን ሰነድ ኢዩ። |
| **Referral** | **ናብ ዝምልከቶ ምልኣኽ** |
| A letter from your doctor to a specialist asking for an appointment for you. If the referral is to a specialist in a public hospital, the hospital will contact you to make an appointment. If it is to a private specialist, you will need to make the appointment yourself and there will be a fee. | ካብ ሓኪምካ ናብ ፍሉይ ሓኪም ቆጸራ ክትሓዘልካ ዝሓትት ደብዳበ። እቲ ሪፈራል ናብ ሓደ ኣብ መንግስታዊ ሆስፒታል ዝርከብ ፍሉይ ሓኪም እንተኾይኑ፡ እቲ ሆስፒታል ቆጸራ ንምሓዝ ከዘራርበካ እዩ። ናብ ናይ ውልቂ ፍሉይ ሓኪም እንተኾይኑ፡ ነቲ ቆጸራ ባዕልኻ ክትገብር ኣለካ፡ ክፍሊት ድማ ክህልወካ እዩ። |
| **Screening / screening programs** | **መጻረይ መርመራ / መደባት መጻረይ መርመራ** |
| Screening involves simple tests that look for early signs of a disease, for example cancer, before you can see or feel any changes to your body. When you find a disease like cancer early, it is easier to treat successfully. | ኣብ ኣካላትካ ዝኾነ ለውጢ ቅድሚ ምርኣይካ ወይ ምስማዕካ፡ ዝኾነ ሕማም ብኣጋኡ ምልክታት ንምንጻር ንኣብነት ሕማም መንሽሮ ዘኽእሉ ቀለልቲ መጻረይ መርመራታት የጠቓልል። ከም መንሽሮ ዝኣመሰለ ሕማም ቐዲምካ ብእዋኑ ምስ ረኺብካ ብግቡእ ክትፍወሶ ይቐልል። |
| **Specialist** | **ፍሉይ ሓኪም** |
| A doctor that has focused their training on a specific type of medicine for a particular area of the body like the heart (cardiologist), a skill set like surgery or particular age group like child health (paediatrics). | ስልጠናኦም ኣብ ፍሉይ ዓይነት ፈውሲ ንሓደ ፍሉይ ከባቢ ኣካላት ከም ልቢ (ሓኪም ልቢ)፣ ከም መጥባሕቲ ዝኣመሰለ ክእለት ወይ ፍሉይ ዕድመ ከም ጥዕና ህጻናት (ሕክምና ህጻናት) ዘተኮረ ፍሉይ ሓኪም ይባሃል። |
| **Vaccination / immunisation** | **ክታበት / ሕማም መከላኸሊ ክታበት** |
| Vaccines are given to children and adults, usually by injection, to prevent them from getting diseases<br>This can prevent the disease from developing or can make it less severe. | ክታበት ንህጻናትን ዓበይትን ሕማማት መከላኸሊ መብዛሕትኡ ግዜ ብመርፍእ ዝወሃብ ኢዩ። እዚ ድማ እቲ ሕማም ከይገድድ ክከላኸል ይኽእል ወይ ድማ እቲ ሕማም እንዳደኸመ ንኽኸይድ ክገብሮ ይኽእል። |

## ኣገደስቲ ርክባት

Case Manager / Case Worker / ኣካያዲ ስራሕ ጉዳያት / ሰራሕተኛ ጉዳይ

GP / ሓፈሻዊ ሓኪም

Nurse / ነርስ

Dentist / ናይ ስኒ ሓኪም

Other / ካልእ

Notes / መተሓሳሰቢ



